# <u>ጉዐይ!</u>



በዛ ቖልዓ ኣእምሮይ ደንዘዘ
ብጉዐይዶ ኣዒንተይ ፌዘዘ!
ጉዐይ በይዛኺ ’ባ ሕደግ’ንዶ
እቱ ዝመኽረክስ ስምዕኒ’ንዶ
ብኣኺ እኮ ዞይሩ ‘ቱ ሓንጐለይ
በይዛኺ እባ ሕደጊ የዕብየለይ!
ስምዕኒንዶ ኣንቲ ጉዐይ ጓለይ

ስምዕኒ እስኪ ኣንቲ ጉዐይ
ነዲደ ’ኮ ኣምዑተይ፣ ኣንጉዐይ
ብኣኺ ’ንዶ ‘ቱ ውኑይ ጠፊኡ
ብኣኺ ’ንዶ ‘ቱ ስመይ ከፊኡ
ደጊምከ ምሳኺ ’ንታይ ኣለኒ
ዕረ ኼንኪ ኣነስ መሪሩኒ
ሕደግኒ፣ ጉዐይ ሕደግኒ!



ሕደጊ ዝብለኪ እናኣበኺ
መዓናጠይ ሓሪሩ ብኣኺ
ቆሲሉ እቱ ልበይ፣ ኮላሊተይ
ከም ብመቑሎ ሓጺን ቀላዊተይ
ከም ሰብ ኩኒ፣ ግበሪ ’ባ ቕጥዒ
ዝበልኩኺ ’ንድሕር ዘይትሰምዒ
መእተዊኺ ሓዚ፣ ተጸግዒ



ክንደይ ሻዕን ክነግራ፣ ኽመኽራ
ንዘይትሰምዐኒ እንታይ ክገብራ
ክንደይከ ኽዕገስ፣ ክኽእል፣ ክጾራ
ዒር ትብለኒ፣ ንበረኻ ኣስፍራ!
ወይዛ ጉዳም፣ መራር፣ ዕረ
ብጉዐይዶ መዓንጣይ ሓረረ
ከምታ ስማ ሽርባ፣ ጉዕ-በርበረ!

ገ/ኢ. ጐርፉ።